# ኣየ ጎረቤተይ

ጎረቤተይ ደንባር ዘይኽንብት ጣጣ
ጂኦግራፊ ዝጠፍኦ ናይመሬት ቅመጣ
ኮምፓሱ ላሽያ ጠፊእዎ ኣቕጣጫ
ገደል ይኣቱሎ ዓይኑ ብፈጣጣ

ትዕቢት ዝደፈኖ ልቡ ዝሓበጠ
ፈታዊ ዕግርግር ዓይኑ እንዳፋጠጠ
በላዒ ናማቱ ከብዱ ምስዘፍጠጠ
ዘይዓቕሙ ይሓልም መንደር ናጎበጠ

ስድርኡ ዘድከየ ሰካራም ቀፋፊ
ወቕቲ ዘየለሊ ጉደኛ ዘራፊ
ኣብትርቲ ይቕርብ እንዳደርደረ ፀርፊ
መንደር ዝፈንፈኖ ከምሕማም ቀዛፊ

ሽዶን ቁሽት ከኾን ዘይገብሮ ይትልም
ፍርሒ ቆፂሩዋ ዓቕሊ ብጌጋ ይግምግም
ፈትሊ ዳንጋሒዙ ዘይዓቕሙ ይገጥም
ሕልኮ ምስኣትዮ የሻል ዘይቕደም

ዓውዓው ኣደድኡ ከጭበርብር ምእንቲ
ንሱሓባሊ ኣዕርኹቱ ዘረፍቲ
ሕጊ ዘይፈልጥ ዘይረትዕ መዓቲ
ጉስጢት ዝገዝኦ ረጊዑ ዘይዝቲ

ስድራ ብጥሙዩ እንዳ ስዋይውዕል
ሓንጎሉ ላሽዩ ከስዕኡ መገለለ
ዕያሉ ይብትኅን ዘይተገርሐ ኣመል
ጭብጨባ ለሚዱ ባዶ ኢድካ ዘልዘል

መልሓሱ ናይፅልኢ ዓዳሚ እምባዃሮ
ልሳኑ ናይ ፅሉል ሓንጎሉ ዝዘሮ
መዋፅእ ፀቢቡ ኣትዩ መንቀርቅሮ
ሕዚዶ ይሓይሽ ሃሰስ ሽማግለ ዃሮዃሮ

ኣየ ጎረቤተይ ኣገራሚ ፍጥረት

ሓቂ ዘይወፆ ዝቕድሞ ሓሶት
ኣብስድርኡ ፅሉእ ዘይብሉ መሰረት
ድቃስ ከሊእዎም ስኢኖም ቅሳነት

ጉድ የሪአናሎ ሕምብጢጥ ኣብዜሮ
ጣቕዒት ዘይብሉ ተሰይሩ ከበሮ
ወነ ዝቐተለ ሳዕሳዒ ተስኢኑ ዛርመንዘሮ
ተወረስ ተብሂሉ ዘቕበፀ ቆለእንዳዕገርገሮ

መንደር እንትፃፉዕ ጎጎኡ ከዕቢ
ምስግዜ ይጓየ ይፅዕር ከም ንህቢ
ንሱግን ይህትፍ ንዒቕዎ ህዝቢ
ደቁ ብዕሩቖም ተጎልቢቡ ጋቢ

ዋ-ወይለኻ ክብሎ ብርቱዕዩ ዓቕለይ
ምስኡ ኣይሃልልን ገፊሕዩ ጣጣይ
ኤ-እንትላዓልሞ ይፈልጣንዶ በትረይ
ይድክሮ ግዲ ገይረ ሕርሕራይ

ብርሃነ እየ